# ኣቡነ ፍሊጳስ *(ፋድል)*

በስማኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላኽ ኣሜን።

በረኸት ቅዱስ ኣቦና ኣቡነ ፍሊጳስ ምስኩላትና ይኹን!! ቅዱሳን ተመሳሳሊ ታሪኽ ኣለዎም ኣቦና ኣቡነ ፍሊጳስ ክኣ ኣብዚ ብሓጺር ክግለጽ ዘይክእል ፍጻሜታት ኣለዎም፡ ኣቡነ ፍሊጳስ ካብ ፈሪሃ እግዚኣብሄር ዘለዎም ወለዲ ኣብ ኣንከረ ዝተወልዱ ቅዱስ ኣቦ ኢዮም፡ ኣቦኦም ይርድኣነ እግዚእ ይብሃሉ፡ ኣዲኦም ክኣ መግደላዊት። ኣቦኣን ኣዲኣን ንመግደላዊት ፈራህቲ እግዚኣብሄር ስለዝነበሩ ንጓሎም መግደላዊት ንሓደ ፈሪሃ እግዚኣብሄር ዘለዎ ካህን ኣመርዓዉዋ።ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ክኣ ምሃርዋ፡ ንሰብኡትን ነንስትን ክኣ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህር ነበረት፡ መግደላዊት ብጾምን ብጸሎትን ብንብዓትን ንጎይታ ተገልግል ነበረት፡ ሓደ ግዜ ኣብ ቤተ ክርስትያን እንከላ ሓዊ ዝመስል መስቀል ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ብዘገርም ትርኢት ፈላሲ መሲሉ መልኣኽ ተርኣያ ፡እንታዩ ሽግርኪ ኢሉ ምስሓተታ ብብዙሕ ትሕትና እነ ንዓኻ ክርኢ ኣይበቅዕን'የ በለቶ'ሞ ኣነ ፈላሲ መሲለ መጺአ ዘለኹ ንኽጻናንዓኪ'ዩ በላ፡ ድሕሪ ብዙሕ ምምልላስ ክኣ መኻን ምኻና ሓበረቶ፡ ጸሎትኪ ተሰሚዑ'ዩ ወዲ ክትወልዲ ኢኺ፡ ንሱ ብትምህርቱ ንብዙሓት ከድሕኖም'ዩ ብምብራቕ ክኣ ከም ከዋኽብቲ ክበርሁ'ዮም...በላ። መን'ዩ ስምካ ኸኣ በለቶ ንሱ ኸኣ ካብቶም ሸውዓተ ሊቃነ መላእኽቲ እየ በላ። ድሕሪዚ ጠነሰት ይርድኣነ እግዚእ ኸኣ ብጥንስታ ዐረፉ። መዓልቲ ምውላዳ ምስ ኣኸለ ኸኣ ከም ኣዒንቲ ወዲ እሰይ መልኣኽ ዝመስል ቆልዓ ወለደት። ኣቦና አቡነ ፍሊጳስ ምስተወለዱ ብዙሓት መነኮሳት ብሩህ ኮኾብ ከምዝኸውን ተነበይሉ፡ ኣቦና ኣቡነ ፍሊጳስ ካብ ኣዳም ድሕሪ 6591 ብ ዓምደጽዮን ወዲ ዉድም ኣርዕድ ዘመነመንግስት ተወሊዶም፡ ኣቦና ብ 18 ሕዳር ብ ብዓለ ፍሊጳስ ሃዋርያ ስለ ዝተጠምቁ ፍሊጳስ ኢሎም ሰመይዎም፡ ብዙሓት ካህናት ክኣ ብሩህ ኮኾብ ከምዝኸውን ተነበዩ። መግደላዊት ኩሉ ናይ ዓለም ነገር ሓላፊ ምዃኑ ተረዲኣ ምስ ኣሓታ መነኮሳዩያት ንኣምልኽ ብፍጽምና ከተገልግል ወሰነት፡ ንወዳ ባሪኻ ኣጸናኒዓን ናብ ኢድ ኣምላኹ ኣረኪባ ንመነኩሳት ኣቦታቱ ብግብሪ ኪመስሎም ኣፋንያ ተፈላለዩ፡ ንሳ ኸኣ ናብ ኣሓታ ብምኻድ መንኮሰት፡ ኣቡነ ፍሊጳስ ብብዙሕ ገድሊ ተፈተኑ ፡ ኣጋንንቲ ኸኣ ከም እንስሳ እናተመላለሱ ይፈታተንዎም ነበሩ ኣቦና ኸኣ ንኹሉ ሰጊረሞ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ክኣ ኣብ ክሉ ይድግፎ ነበረ፡ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ'ውን ይግለጾም ነበረ፡ ከምዚ ኸኣ በሎም ብብልሓትካ ብዙሓት ምእንቲ ክዛረቡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎ ገሊጸልካ ኣለኹ፡ ኣነ ንርእሰይ ኩሉ እናፈለጥኩ እንከለኹ ኣብ ትሕቲ መምህር ነይረ'የ፡ ንዓኻ ግን ፊደልን 81 ናይሕጊ መጻሕፍትን ኣብ ልብኻ ከምዝሓድር ኣብ ሰብነትካውን ከምዝውሃድ ብኣኣቶም ምእንቲ ክትዛረብውን ገሊጸልካ ኣለኹ። ድሕሪ'ዚ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣገልጋሊየይን ፈታዊየይን ፍሊጳስ፡ ኣነ ገሊጸልካ'ምበር ኣብ መምህር፡ ፊደል ስለ ዘይተምሃርካ ስምካ ፋድል ይኹን በሎ። ድሕሪዚ እግዚኣብሄር ከምዝገለጸሎም ካብ ኣባ በኪሞስ ምንኩስና ተቐበሉ፡ ኣቡነ ፍሊጳስ ምንኩስና ምስተቐበሉ ብብዙሕ ጻዕርን ብጾምን ብጸሎትን ነብሶም ይቐጽዑ ነበሩ። እንሓንሳእ ካብ ብዝሒ ተጋድሎ ዝኣክል ከም ምዉት ይኾኑ'ሞ መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል ሳሕቲ ውን ክርስቶስ ምስ ኣእላፍ መልኣኽቲ መጺኡ ካብ ኩሉ መከራኦም ይፍውሶም ነበረ። ኣቡነ ፍሊጳስ ኣብ በበትኡ ገዳማት እና ኸዱ ምስቅዱሳት መነኩሳት በረኸት ይቀባበሉ ነበሩ፡ ኮነ ድማ ሓደ መዓልቲ ኣባ አብሳዲን ኣባ መርቀሬዎስን ገዳማዊ ኣባ ፍሊጳስን ብሓደ ኾይኖም ናብ እግዚኣብሄር ክጽልዩ እንከለዉ ንሓዋሩ ንጽውዓሉ ስም ምእንተ ኽህበና ነፍሲ ወከፍና ንተምነ ተብሃሃሉ ድሕሪ'ዚ ኣባ አቢ ሳዲ ኣነ ስመይ ዝጽውዑ ደቀይ እንተዝበዝሑለይ በሉ፡ ሽዑ ሽዑ ከምቲ ዝበልኻዮ ይፈጸመልካ ዝብል ቃል ሰምዑ። ኣባ መርቆሬዎስ ድማ ኣብ መቓብረይ ትኣምር እንተ ዝግበረለይ ምስተመነኹ ነይረ በሉ፡ ከምቲ ዝተመነኻዮ ይኹነልከ ዝብል ቃል ሰምዑ። ገዳማዊ

ኣቡነ ፍሊጶስ ድማ ኣነስ ገዳም እንተ ዝተክል እሞ ገዳመይ በቲ ዝሰራዕኽዎ ስርዓት እንተ ዝጸንዓለይ ደቀይ ድማ ኣብኣ ጽድቂ እናሰርሑ ብውልቂ ከይሰርሑ እንተ ዝነብሩ በሉ፡ ከምቲ ዝተመነኻዮ ይኹነልካ ዝብል ሰምዑ። ስለዚ ካብደቁ ነመንበሪኡ ንበይኑ ቤት ዝተክል የልቦን፡ ንበይኖም ቤት ከጣይሱ ዝጀመሩ ውን ክኾነሎም ኣይክኣለን። ከም ቃል ኀይታና መሰረት ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ከካብ ቦትኡ ብዙሓት መነኮሳት ናብ ኣቡነ ፍሊጶስ ታአከቡ ብድሕሪዚ ዝቕመጥዎ ቦታ ንምፍላጥ ብሓባር ጸለዩ'ሞ እግዚኣብሄር ድማ ክሳብ ሰማይ ዝበጽሕ ቀስተ ደመና ዝተተኸላ ቦታ ኣርኣዮም፡ ነዚ ነገር ምስርኣዩ ኣቡነ ፍሊጶስ ነታ ቦታ ንኽርእዩ ከምቲ ሙሴ ንእያሱን ን ካሌብን ናብ መሬት ርስቲ ዝልኣኾም ን ኣባ ኤርምያስን ኣባ ገብርሄርን ለኣኸዎም፡ ነታ ቦታ ድማ ብዝግባእ ርእዮማ ተመልሱ፡ግርምኣ ድማ ኣዚዩ ከቢድን እተፍርህን ከምዝኾነት ነገርዎም፡ ድሕሪኡ ኣቡነ ፍሊጶስ ምስ ደቆም ተታሓሒዞም ን ደብረ ቢዘን ደየቡ። ከምኡ ድማ ብኣርባዕተ ምኣዝና ባሪኾም ነቶም ርኹሳት መናፍስቲ ብምጥፋእ ኣብኣ ክቕመጡ ጀመሩ። ክብሮምን ዝንኦምን ክኣ ኣብ ኩሉ ምኣዝን ዓቢ ኾነ ዝዘርእዎን ዝተኸልዎን ድማ ኣዝዩ ይባረኽሎም ነበረ ኣብ ጸጽባሕ ድማ ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝመጹ ሰባት ይጽምበርዎም ካብ ኣቡነ ፍሊጶስ ድማ ልብሰ ምንኩስና ይቕበሉ ነበሩ፡ ደብረ ቢዘን ክኣ ብቕዱሳን ምልእቲ ኾነት። ቢዘን ማለት ሚዛን ማለት እዩ፡ ወረቅን ብሩርን ብሚዛን ከምዝምዘን ከምኡ ድማ ኣብ ደብረቢዘን ቅዱሳንን ጻድቃንን፡ ሓጣያተኛታትን ገርህታትን ፡ ክፉኣትን ድኹማትን፡ ፍጹማትን ኀደሎታትን ዝምዘንሉ ቦታ እዩ። አቡነ ፍሊጶስ ኣብ ውሽጢ ቢዘንን ኣብ ወጻእን ብዙሕ ተኣምር ገበሩ ገለ ኻብኡ፡ ኣብሃገረ ኣምሓራ ቀዳመይቲ ሰንበት ኣየብዑሉን ነበሩ እሙ በዚ ዝጕሃዩ ኣቡነ ፍሊጶስ ክሳብ ዓደ አምሓራ ብምኻድ ቀዳመይቲ ሰንበትን ሰንበተ ክርስትያን ቅድስትን ክብዓላ ከምዘለወን ብምምሃሮም እቶም ኣብ ዓደ ኣምሓራ ዝነበሩ ጳጳሳት ብዙሕ መከራ ወረዶም። ድሕሪ ብዙሕ ፈተና ኣብ ባሕሪ ክድርብይዎም ፈተኑ እሞ ኣቡነ ፍሊጶስ ድማ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕቲቦም ነቲ ባሕሪ ብሓዊ ኣንደድዎ፡ ኣብ ኩሎም ህዝቢ እታ ሃገር ድማ ዓቢ ፍርሓት ኮነ፡ በዚ ኸኣ ኣንዳዴ ባሕር ፍሊጶስ ተባህሉ። ድሕሪዚ ብዓቢ ኽብሪ ናብ ገዳሞም ደብረ ቢዘን ተመልሱ። ተጋድልኦም እንቓጸሉ ድማ ብ5 ነሓሰ ኣብ 84 ዕድሚኦም ክርስቶስ ምስ ኣእላፍ ቅዱሳን መጺኡ ነፍሶም ብሰላም ዓረፈ። ከምክሎም ቅዱሳን ድማ ስምካ ዝጸውዐ፡ ዝኽርኻ ዝገበረ እናበለ ኪዳን ኣተወሎም።

ጸሎቶምን በረኸቶምን ቃልኪዳኖምን ናይ ኣቡነ ፍሊጶስ ምስኩላትና ህዝበ ክርስትያን ይኹን ኣሜን።

ስብሃት ለእግዚኣብሄር ወወላዲቱ ድንግል ወለመስቀሉ ክቡር ለ ኣለም ኣለም ኣሜን!!

ክቡራን ምእመናን ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ካብ ማይ ባሕሪ ብጭልፋ ዘይኣክል'ዩ! እግዚኣብሄር ፍቓዱ ኮይኑ ኣብ መጻኢ ኣስፊሕና ከነቕርበልኩም ጸሎትኩም ኣይፈለየና!!





*ኣቡነ ፍሊጶስ* *ኣቡነ ዮሃንስ*